# ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ክትፈልጦ ዝግብኣካ ነገራት




http://fgm.co.nz/where-is-fgm-practiced/

## ድሕረ ባይታ

- ኣብዚ እዋን ኣብ መላእ ዓለም ዳርጋ 200 ሚልዮን ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብሳዕቤናት ምኽንሻብ ይሳቐያ፡፡ መብዛሕትኡ እዚ ልምዲ ኣብ እስያ፡ ማእከላይ ምብራቕን ኣፍሪቃን ይግበር፡፡ (www.who.int/mediacentre/factsheets/fs241)
- ካናዳ ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ከልኪላ እያ - ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብሕጊ ዘሕትትን ዘቕጽዕን በደል ኮይኑ ኣሎ

### ምርምራዊ መጽናዕቲ

- Uzima Women Relief Group International (ኡዚማ ውመን ረሊፍ ግሩፕ ኢንተርናሽናል) ብምኽንሻብ ዝተጎድኣ ኣፍሪቃውያን ደቂ ኣንስትዮ ንዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገማት ሓደ መጽናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ
- እቲ መጽናዕቲ ኣብ ቶሮንቶ ዝርከባ ካብ ምኽንሻብ ዝግበረሉ ከባቢታት ኣፍሪቃ ዝመጻ ደቂ ኣንስትዮ ተኻይዱ
- ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ ድማ እተን ዝተኸንሸባ ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጥመን ጥዕናዊ ጸገማት ንምርዳእን ብዛዕባ ሕጊ ካናዳ ኣብ ምኽንሻብ ዘለወን መረዳእታ ንምግምጋምን ነይሩ
- ብዘይካ ነተን ደቂ ኣንስትዮ ምዝርራብ ከኣ መረዳእታ ሕብረተሰብን ተመክሮታት ወሃብቲ ኣገልግሎታን ንምግንዛብ ተፈቲሹ እዩ

## ውጽኢት መጽናዕቲ

- 21 ደቂ ኣንስትዮ፡ 11 ወሃብቲ ኣገልግሎትን 8 ዓበይቲ (መራሕቲ) ሕብረተሰብን ቃለ መሕትት ተገይርሎም፡፡
- 47% (10/21) ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣልዒልካ ምዝራብ ከም ውጉዝ ኣርእስቲ ዝቖጸር ኮይኑ ገለ ደቂ ኣንስትዮ ንወሃብቲ ኣገልግሎታት ክነግራ ከም ዘይደፍራን መስኪረን፡፡
- ልዕሊ 90% (20/21) ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ህጻንነት ክሳዕ መጀመርያ ጉብዝና (ጉርዙውና) ኣብ ዘሎ ግዜ ምኽንሻብ ከም ዝተገብረለን ነጊረን፡፡ እዚ ኸኣ ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ደቂ ኣንስትዮ ተኸንሺበን ምስ ጸገማት ምኽንሻብ ከም ዝነብራ ዘመልክት እዩ
- ኩለን እተን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ምስ ምኽንሻብ ዝተኣሳሰር ጉድኣት ከም ዘሎን እቲ ጉድኣት(በሰላ) ከኣ ነባርን ምሕዋዩ ዘይከኣልን ምዃኑ ገሊጸን
- ገለ ካብቶም ዓበይቲ (መራሕቲ) ሕብረተሰብ ከኣ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንባህላውን ሃይማኖታውን ምኽንያታት ከም ዝግበር ተዛሪቦም፡፡

- ገለ ካብቶም ሃይማኖታውያን መራሕቲ ከኣ ጽቡቕ ስነ ምግባርን ጠባይን ንምስራጽ ኣካላዊ ጉድኣት ከየውረድካ ብትምህርትን ስልጠናን ክግበር ከም ዝከኣል ይሰማምዑ
- ኩሎም ተሳተፍቲ ኸኣ ምስ ምኽንሻብ ዝተኣሰሰር ከቢድ ጉድኣት ከም ዘሎ ክሰማምዑ እንከለዉ ኣብ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮን ማሕበረሰብን ብምልኡን ጸገማት ከም ዘኸትልን ገሊጾም
- ኣብ ኩለን እተን ዝተሓተታ ደቂ ኣንስትዮ ኸኣ እቲ ምኽንሻብ ኣብ ሆስፒታል ዘይኮነ ኣብ ቤት ተገይሩ
- ምኽንሻብ ንኽግበር ዝቐርብ ምኽንያታት:
    - ጓል ንሰበይቲ ንኽትበቅዕ ወይ ንኽትኣክል
    - ጾታዊ ስምዒታት ደቂ ኣንስትዮ ንምንካይ
    - ኣዋልድ ንመርዓ ንኽበቕዓ ዘድልየን ልዑል ስነ-ምግባር ንኽጥርያ ብልምዲ ባህልን ሃይማኖትን ንምሕላወን
    - ብምርጫ ስድራ

## ማሕበራዊ ጸገማት:

- ብዛዕባ ምኽንሻብ ካብ ባህላዊ ጉጅለ ወጻኢ ምዝራብ
- ሕንከት
- ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ምሕንሻብ ዘሎ ውገዛ ከኣ ካብ ባህሊ ወጻኢ መጻምድቲ(ዓርኪ) ምድላይ ኣጸጋሚ እዩ
- መጻምድቲ ንምድላይ (ምትዕርራኽ) ምውጋዝ
- ሰብ ሓዳር ሰብኡት ዘይእሙናት ምዃን
- ፍትሕ

## ጥዕናዊ ጸገማት:

- ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ብሳዕቤናት ምኽንሻብ ተጎዲአን እየን፡ ንኣብነት
    - ካብ ብርቱዕ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ዝኸሰት ከም ጭንቀትን ዓቕሊ ጽበትን ዝኣመሰለ ኣእሮኣዊ ምጉዳል ጥዕና
    - ናይ ስርዓተ መፍረን ስርዓተ ሸንትን ጸገማት
    - ምድማይ
    - ስንባደ
    - ጸገማት ኣብ ግዜ ሕርሲ
    - ዝወሓደ ዕግበት ኣብ ግዜ ጾታዊ ርክብ
    - ቃንዛ ዘለዎ ጽግያት

## ጸገማት ጥዕናዊ ኣገልግሎታት:

- ምስ ሓካይም ብግቡእ ምዝርራብ(ምምኽኻር) የጸግም
- ወሃብቲ ኣገልግሎታት ብዛዕባ ምኽንሻብ ዘይተማህሩ ከኾኑ ይኽእሉ
- ኣንጻር ምኽንሻብ ደው ንምባል ብዛዕባ ምኽንሻብ ግቡእ ኣፍልጦ ዘይምህላው
- ብወሃብቲ ኣገልግሎት ዘይምዕጋብ፡፡ እዚ ብምኽንያት
    - ነዊሕ ግዜ ምጽባይ
    - ሓካይም ግቡእ ኣተኩሮ ዘይገብሩ ምዃኖም

## ለበዋታት Uzima Relief Group International (ኡዚማ ረሊፍ ግሩፕ ኢንተርናሽናል)

- ንማሕበረሰባትን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ትምህርትን ንቕሓትን ከም ዘድልዮም
- ኣንጻር ምኽንሻብ ዝወጸ ሕጊ ንምትግባሩ ስጉምትታት ምውሳድ ንጡፍ ተበግሶ ከድሊ እዩ
- ደቂ ኣንስትዮ ንምትብባዕ ኣንጻር ጸቕጢ ብቐጥታ ኣቓልቦ ምግባር
- ትካላትን ማእከላትን ጥዕና ምስ ምኽንሻብ ዝተኣሰሰር መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ንምድጋፍ ዝጭበጥ ስራሕን ጎስጓስን ምክያድ
- ካብ ኣፍሪቃ ዝመጻ ደቂ ኣንስትዮ ብማሕበር ተጠርኒፈን ብዛዕባ ባህላዊ ጉዳያት ንኽዘራረባ ከኣ ማሕበረሰብ ደገፍ ዝገብረለን ባይታ ምፍጣር

መዋሊ ናይዚ መጽናዕቲ

WOMEN'S COLLEGE HOSPITAL
Health care for women | REVOLUTIONIZED

http://www.womensresearch.ca/

ምሉእ ትሕዝቶ ናይቲ መጽናዕቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ WCHን UZIMAን ምንባብ ይከኣል

Uzima Women Relief Group International
Giving a new meaning of Life, hope and bright future to all women

www.uzimawomeninternational.org